# ውጥጥ ህወሓት፡ በረኸት ዶ መዘዝ?

ተኽሊት ገብረመስቀል

ኦክቶበር 29 2023

## ትሕዝቶ


***1. መንቀሊ እቲ ውጥጥ ... 2***

**1.1 ኣይድዮለጂካዊ ሰረት ... 2**

**1.2 ደጋዊ መንቀሊታት ... 2**

1.2.ሀ ኣሜሪካ ... 2

1.2.ለ መንግስቲ ኣብይ ... 3

1.2.ሐ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ... 3

***2. ካብ ናይ 78ን 93ን ብምንታይ ይፍለ? ... 3***

**2.1 ምዕባለ እቲ ውዱብ ... 3**

**2.2 ፋሉይ መንቀሊ ውጥጥ ... 4**

**2.3 ኹነታት ዓለምን ዓድናን ... 4**

***3. ኩሎም ሓደ ድዮም ይፈላለዩ? ... 5***

**3.1.ርዕየተዓለም ... 5**

**3.2 ውዳበ ... 5**

**3.3 ኢኮኖሚ ... 5**

**3.4 ታሪኽ፣ ተረኽ ... 5**

**3.5 መንግስቲ ... 5**

***4. ውጥጥ ህወሓት፡ በረኸት ዶ መዘዙ? ... 6***

**4.1 ዕላማ ህወሓት ... 6**

**4.2 ባህጊ ተጋሩ ... 6**

**4.3 መን ይወፅእ ወይ ይሕሸ? ... 6**

**4.4.በረኸት ዶ መዘዝ? ... 6**

4.4.1 መዘዙ ... 7

4.4.2 በረኸቱ ... 7

***5. ግብረ መልሲ ሰብና፡ እንታይ ይኹን? ... 8***

***6. መኸንበቲ ... 8***

ህወሓት በዚ እዋን ኣብ ክልተ ተመቂሉ ነኒርእሱ ምውጣጡ ንኹሉ ግልፂ ኮይኑ ኣሎ፡፡ እዚ ኩነታት ቅድም ክብል ብወረያ ወረ ዝስማዕ እኳ እንተነበረ ከምዙይ ናይዚ ሰሙን ግልፂ ዝኾነ ውጥጥ ግን ኣይነበረን፡፡ ብርግፅ ካብ ጳጉሜን 1 ፕሬ.ጌታቸው መስርሒ ኸሊኦምኒ ዝመስል መግለፂ ካብ ዝህብ ግልፂ ዝኾነሉ ሰብ ብዙሕ ነይሩ፡፡ እዚ ውጥጥ፡ ሱቅ ኢሉ ዝመፅእ ናጢባ ኣይኮነን፡፡ ናይ ባዕሉ ምኽንያታት ኣለዎ፡፡ እንታይ እዮም? ዝብል ምርኣይ ከምዘሎ ኮይኑ እንታይ እዩ ዘፈላልዮም? ከመይ ይፈላለዩ? ካብ ታሪኽ ውጥጥ ህወሓት ይፍለ ዶ? መን ከ ሲዒሩ ይወፅእ ወይ እንተወፀ ይሓይሽ? ንትግራይና ዘለዎ ፅልዋ በረኸቱ ዶ መዘዙ ይዓዝዝ? ንኹሉ ከመይ ንዓለወሉ? ካብቲ ዉዳበ ወፃኢ ዘሎ ግዱስ ትግራዋይ ከመይ ክሪኦ ኣለዎ? ዝብሉ ነጥቢታት ነፂልካ ዝርአዩ ኣይኮኑን፡፡ በዚ መሰረት፡ እዞም ሕቶታት ኣብ ርእሰይ ገቢረ ንእሽቶ ክጭሕግር ደለኹ፡፡

ሓቢርና ንዓዓዝ፡፡

# 1.መንቀሊ እቲ ውጥጥ

## 1.1 ኣይድዮለጂካዊ ሰረት

እቲ ውዱብ መበቆሉ ካብቲ ሶሻሊስታዊ ዓንዲ ምኻኑ ኩሉ ዝፈልጦ እዩ፡፡ ኣብዚ ዓንዲ ድማ እቲ ኣይድዮሎጂኡ፡ ቀስ ብቀስ እናበለ ብዝምዕብል ከይዲ እቲ ሳይነስ ዝነበረ ናብ ዶግማ እናተቀየረ ይኸይድ፡፡ ኣብዙይ፡ እቲ ሳይነስ ዝስከሞ ሓደ ወይ ኣዝዩ ዉሑድ ሰብ እዩ ዝኸውን፡፡ ኣብ ብርኪ ዶግማነት ምስ በፅሐ ድማ ናይ ገባሪ ሓደጊነት ቃልሲ ይጅመር፡፡ ብካሊእ ኣገላልፃ፡ ዓርሓ እቲ ሓሳብ ናይ ምኻን ቃልሲ ይጅመር፡፡ ብርግፅ እቲ ሓሳብ ቡዙሕ ፍልልይ የብሉን፡፡ ግን ብዝፍጠሩ ንሕንሓት፡ ኣነ ጥራሕ እየ ሓቂ ካብ ዝብል ይብገሱ፡፡ መሪር ቃልሲ ይካየድ፡፡ ካብኡ ቀፂሉ ድማ ናብ ሓደ ወይ ውሑድ ሰብ ይዕኹለል፡፡ እዚ ካይዲ ምዕባለ እዚ ኣብ ነበር ሶሻሊስታውያን ሃገራት ሶብዮት፣ ዩጎስላቪያ ዝተራኣየ እዩ ነይሩ፡፡ ንኣብነት ኣብ ሶብዮት እቲ ምዕባለ ካብ ማርክስ ብሓሳብ ይልዓል እሞ፥ ቀፂሉ ብግዜ ሌኒን ሓሳብን ዶግማን ዝተሓወዋሰ ኮይኑ ይመፅእ፣ ብግዜ ዮሴፍ ስታሊን ሙሉእ ዶግማ ኮይኑ፣ ብግዜ ኒኪታ ኩርስቼቭ ድማ ካብ ኩሉ ወፃኢ ኮይኑ ሱቅ ኢልካ ናይ ማናጅመንትን ቢሮክራሲን ግዜ ኮይኑ መፂኡ፡፡ ብድሕሪኡ ዝመፁ እኒ ቦሪስ የልሲን ኮይኖም ድሕሪ ድስካለ ንዕኡ ክቅይሩ ካብ ውሽጢ ዝፈለቁ ኮይኖም ከምዝመፅኡ ኣብ እዞም ስርዓታት ኣመልኪቱ ዓሚዩቅ ትንተና ዘካየደ Milovan Djilas "The new cals: An analysis of a communist systems" ብዝብል መፅሓፉ ኣቀሚጡ ንረኽቦ፡፡ ነዚ ታሪኽ  ህወሓት ምልስ ኢልካ ብምርኣይ እውን ምዕዛብ ይከኣል እዩ፡፡ ካብቶም ዝነበሩ ክፍፍላት፡ እቶም ዓበይቲ ዝብሃሉ 1978፣ 1993፣ 2010 ምርኣይ ንኽእል ኢና፡፡ ኣብዞም ክፍፍላት፡ ኣብቲ ኣይድዮሎጂ ኣፈላላይ ኣይነበሮሙን፡፡ ቀንዲ መበገሲታተቶም እውን ኣብ ውሽጢ ኣብ ዝነበረ ንሕንሓት ፈንቂሎም ዝመፅኡ ነይሮም፡፡ እቲ ናይ ሐዚ ክፍፍል ግን በዚ ናይ ውሽጢ ጥራሕ ዝተደረኸ ኣይኮነን፡፡ እኳ ድኣስ እቲ ዝዛየደ መንቀሊ ካብ ደጋዊ ሓይሊታት ዝመፀ ምኻኑ እዩ፡፡

## 1.2 ደጋዊ መንቀሊታት

### 1.2.ሀ ኣሜሪካ

ኣሜሪካን ሲዒቦም ዝመፁ ኮርፖሬታት እዛ ሃገርን ኣብ ኢትዮጵያ ንረብሓኦም ዝጣበቅ ስርዓት ሊበራላይዜሽንን ፕራይቨታይዜሽንን ክትከል ይደልዩ፡፡ ብኣንፃር እዙይ፡ ህወሓት ኣብ ተፃባኢ ደንበ ይርከብ፡፡ ኣብዙይ ምርዳእ ዘድሊ ፕሮግራም ህወሓት ልምዓታዊ መንግስቲን ኣብዮታዊ ዲሞክራሲ እዩ ፕሮግራመይ እዩ ዝብል፡፡ ቀንዲ ሓሳቡ መንግስቲ ኣብ ዝደለዮ(ክፍተት ዕዳጋ ኣብ ዘለዎ እዮም ዝብሉ) ኢዱ የእትው እዩ፡፡ እዙይ እቲ ሓሳብ ኮይኑ ኣብ ተግባር እንተንመፅእ ድማ ብብሕተት ኢኮኖሚ፣ ውዳበ፣ ሚድያ፣ መንግስቲ፣ ታሪኽን ታሪኽን ሶሻሊስታዊ መልክዕ ዘለዎ ዘለዎ ጥራሕ እንተይኮነ እቲ መግለፂ ግልፂ ናይ ሓዱሽ ገዛኢ ደርቢ ባህሪ ኮይኑ ኢና እንረኽቦ፡፡ ስለዚ፡ እዚ ሕማቅ ኣብነትን ንፀላእታ ቻይናን ሩስያን ዝፅውዕ ፖሊሲ ክውቃዕ ነይሩዎ፡፡ እቲ ተቋውሞን ውዳበን ህወሓት ብዝሓየለ ድማ እቲ መስዋእቲ እውን ከቢዱ ንዋታዊን ረቂቅን ሃፍቲ ትግራይ ተደኺዑ፡፡ Naomi "The Shock doctrine" ብዝብል መፅሓፉ፡ ኣብ ኢራቅ ዝነበረ ሓያል ተፃብኦ፡ Shock እዩ ወሊዱ ዝብል መልእኽቲ ተምህረና፡፡ በዚ ዘመን ውዳበ ተፃብኦ ብዝሓየለ እተምፅኦ፡ ሾክ ጥራሕ እዩ፡፡ ኣብ ትግራይ እውን በቲ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ንዕኡ ዝመስል እዩ ተኻይዱ፡፡ ኣንፃር ኣሜሪካ እንተተበጊስካ ዕድኡ ከቢድ እዩ እሞ፤ ናብ ውሽጢ እቲ ተፃባኢ ውዳበ እውን ትኣትው፡፡ ናብ ትግራይ ክትመፅእ እውን ግድን እዩ፡፡ ፈቲኻ እንተይፈተኻ

እንተዘይተቀበልካ፥ ተቀቢልካ ዘምፅአልካ ዕድላት መዝሚዝካ ብውሕሉል መንገዲ እንተዘይተታሒዙ ዝስዕብ ሓደጋ ዓዲና ክትሽከሞ እትኽእል ኣይኮነን፡፡ ኣብዙይ ሓደ ነገር ክፍለጥ ኣለዎ፥ ኣብዚ ዓለም ካልኦት ስልጣነታት ዓለም ክቀላቀሉ ጀሚሮም ኣለዉ፡፡ ሳሙኤል ሃንቲግቶን "The clash of civilizations and the remaking of world order" ከም ዝፅውዖም ስልጣነታት ሲኒክ(ቻይና ዝማእኸሉ) ወ ኦርቶዶክሲ(ራሻ ዝማእኸሉ)፣ ኣልቦ Corestate እስላማዊ ስልጣነ ይመፅኡ ኣለዉ እዮም ይብል፡፡ እንተኾነ ግን እዞም ሓይሊታት፡ እቲ ሓደኣዊ ዓንዲ(one polar) ብጭቡጥ ፖለቲካ ዝቀየርዎ ኣይኮኑን፡፡ ብካሊእ ኣባሃህላ፥ እቲ ናይ ፉኩያማ "The End of History" እዩ ኣብ ባይታ ዘሎ፡፡ ስለዝኾነ ከዓ፡ ምስ እዚ ሃፀያዊ ኹነት(Empire) ምግጣም ዘየዋፅእ ኣሰላልፋ ምኳኑ ዒቕ እናበለካ እውን እንተኾነ ሓቂ ምቅባል የድሊ፡፡ ስለዚ፡ እዚ ኢምፓየር ብዘበለ ኣቢሉ ድሌቱ ካብ ምፍፃም ዓዲ ዝውዕል ኣይኮነን፡፡ ነዚ ባዕልኻ ምምዕርራይ ዘድሊ ይመስለኒ፡፡

### 1.2.ለ መንግስቲ ኣብይ

መንግስቲ ኣብይ ኣብ ኢህወዴግ ዝቦቀለ ሓይሊ እዩ፡፡ ኣብቲ እንትመፅእ እንተሎ፡ ካብ ህወሓት ዝተፈለየሉ ነጥቢ ኣብ ፖሊሲ ዘለዎ ቅዋም ምኳኑ ይንገረሉ፡፡ እዙይ ማለት፡ ብዓይኒ ወነንቲ እዚ ዓለም(ምዕራብ) ዝተመረፀ ምኳኑ እዩ፡፡ ኢኮኖሚ ናፃ ክገብርን ውልቃዊነት ሃፍቲ ተቀቢሉ፡፡ ቴሌ፣ ኣየር መንገዲ፣ ባንኪ፣ መብራህቲ ንሰብ ሃፍቲ ከካፍል እየ ኢሉ፡፡ እዚ ነይሩ ካብ ህወሓት ክምረፅ ዝተገበረሉ፡፡ ኣይተ ስብሓት ነጋ፡ ነዚ ኣብ ሚድያ ወፂኦም ኣረጋጊፆም እዮም፡፡ ነዚ መንግስቲ ቀንዲ ተፃባኢ ኮይኑ ዝመፀ ድማ ህወሓት ኮይኑ፡፡ እቲ ተፃብኦ ዝበቁል ድማ ካብቲ ኣይድዮሎጂ እዩ፡፡ ምኽንያቱ፡ እቲ ርዕዮተዓለም ህወሓት ኣውራ(Vanguard) ኢትዮጵያ ጥራይ ከኾውን ዝፈቅድ(All or none) እምበር ኣብ Compromise ኢሉ እውን ሪያልቲ ተቀቢሉ ይኹን ዝብል ኣይኮነን፡፡ ኣብይ ነቲ ኣይድዮሎጂ ክቅይሮ ዝደልየሉ ምኽንያት እውን ፍልፍል እቲ ተፃብኦ ንምድራቅ እዩ፡፡ ነዚኣ ድማ፡ ነታ ኣይድዮሎጂ ተሻካሚ ኣይኮነን ዝተብሃለ/ሉ ሰባት ክምረጹ ግድን ኾነ፡፡ ብመጥበቃይ ዓይኒ እንትርአ( ኣውራነት compromise ዝገበረ ሓይሊ ህወሓት ኮይኑ ክቅፅል ኣዝዩ መፀገሚ እዩ ዝኾውን፡፡

### 1.2.ሐ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ

እቲ ውዱብ ዓበይቲ ሓሰብቱ ሲኢኑ ዝብሃለሎም ምክፍፋላት 1993ን 1978ን ዝነበረ ኩነታት እዩ፡፡ ኣብዚ ክፍፍል፡ ድጋፍን ተቓውሞን ካብቲ ውዱብ ጥራሕ ዝመፅእ ነበረ፡፡ ካብቲ እኒ ኣባይ ወልዱ ዝተወቀፅሉ(2010ዓ.ም) ጀሚሩ ግን ሓበሬታ ናብ ደገ ብምውፃእ፣ ንቅሓት እቲ ህዝቢ፣ ተክኖሎጂ ዝፈጠሮ ድጋፍን ተቋውሞን ካብ ደገ ናይ ምእላሽ ኩነታት ክርእ ጀሚሩ እዩ፡፡ እዚ ድማ፡ ኣብቲ ውፅኢቱ እውን ናይ ባዕሉ ተራ ዝዕድም እዩ ኮይኑ፡፡ ንኣብነት፡ ማሕበራዊ ሚድያ ኣብ ምፍጣር Cult ደብረፅዮን ይኹን ምግላፅ(ላ ጠቢቆቓ ትነበብ) ሕማቅ ኣይተ ኣለም ገብረዋህድ ኢታ ወንበር መን ኮፍ ይበላ ዝነበሮ ፅልዋ ቀሊል ኣይነበረን፡፡ ኣብዚ እዋን ድማ እቲ ህዝቢ ድሕሪ ጽንተት ስለዘሎ እቶም ባይታ ኣማቻችዮም ኢሉ ዝቆርሖም ሰባት ሓቲቱ፡ ለውጢ ክእልሻ ፀኒሑ እዩ፡፡ እቲ ዕላምኡ ብዘይግድስ እዚ ባህጊ ህዝቢን ልሂቅን እዙይ ኣብ ውሽጢ ህወሓት ኔትዎርክ ዝሳኣነ ከጥቀመሉ ዝደሊ ሓይሊ ክፍጠር ግድን ይኸውን፡፡ ፕሬ.ጌታቸው ነዚ ደገፍ ብዙሕ ግዜ ከሓትት ሪኢና ኢና፡፡

እቶም መንቀሊታት ክንርኢ ፈቲንና እሞ፡ ምስኡ ብዝተታሓሓዘ ምስ ናይ ቅድሚ ሐዚ ምግምማዕ ዘፈላልዮም ነጥቢታት ኣለዎ ዶ የብሉን? ሃሰስ ኢልና ንሕለፍ፡፡

# 2. ካብ ናይ 78ን 93ን ብምንታይ ይፍለ?

እዚ ሐዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ውጥጥ ህወሓት ብ1978 እኒ ኣረጋዊን ግደይን ዝተባረርሉ ኩነታት ነይሩ፡፡ ኣብ 1993 ዓ.ም ድማ እኒ ብዓል ስየ፣ ተወልደ፣ ገብሩ፣ ፃድቃን፣ ጆቤ ዝኣመሰሉ ሊሂቃን ህወሓት ተባሪሮም እዮም፡፡ እቲ ናይ ሐዚ ይፍለ እዩ ዝብል ገምጋም ኣለኒ፡፡

### 2.1 ምዕባለ እቲ ውዱብ

ከም ህወሓት ዝበሉ ወዳበታት ሶሻሊዝምን መሰላቶምን ኣብ ቀፃሊ ዝኾነ ግምምዕን ክልሳን ሓሳባት ዝኣትው ምኳኑ ሪኢና፡፡ እዞም ውዱባት ፈለማ ሓሳብ ይሽከሙ፣ ንሱ ናብ ዶግማ ይቕየር፣ ካብኡ ምሕሳብ ጠጠው የብል፣ ንቲ ውዱብ ዝውሕጥ ይመፅእ፣ ባዕሉ ይፈርስ(ይቕይር)፡፡ ኣብ 1978 ገና ህፃን ምስረታ ኮሚኒስታዊ ፓርቲ ነይሩ፣ 1993 ናብ ዶግማ(ሌኒንን ስታሊናውነትን) ዝቅየረሉ፣ 2010 ዶግማ ዘፅልኦ ምሕሳብ ዘይክእል ብሰብ ዝፍቶ(ኩርስቼቭ ኣብ ሶብዮት፡ "ደብሪፅ"፡ ትግራይ)፣ ድሕሪኡ ባዕሉ ካብ ውሽጢ ዝፈርሰሉ ግዜ እዩ ዝስዕብ፡፡ ነዚ Milovan Djilas "The fall of new class"

ዝብል መፅሓፉ ሃሰስ ምባል ንኽእል፡፡ እዚ ግዜ ክሓፅር ክነውሕ ይኽእል እምበር ዘይቀሪ ከይዲ ኮሚኒስታውያን ውዳበታት እዩ፡፡

## 2.2 ፋሉይ መንቀሊ ውጥጥ

ኣብ 1993 ይኹን 1978 ዓ.ም ዝነበረ ምግምግፅ ብቀንዱ ካብ ውሽጢ እቲ ውዱብ(ህወሓት) ዝነቅል ፍሕፍሕ ስልጣን እዩ ነይሩ፡፡ እቲ ናይ 2010 ዓ.ም እውን ብተመሳሳሊ ብቀንዱ መንቀሊኡ ውሽጣዊ ነይሩ፡፡ ኣብቲ ናይ ሐዚ ግና፡ ዋላ እውን ናይ ውሽጢ ንሕንሕ ይሃሉ፡ እቲ ቀንዲ ግን ካብ ደጋዊ ሓይሊታት ብዝመፀ ፅልዋ ዝሰዓበ ኮይኑ ኢና ንረኽቦ፡፡ እዚ ውጥጥ ብኣሜሪካ ተማእዚኑ፥ ብኣብይ ኣሕመድ ሓሊፉ፡ ማሕበራዊ መሰረቱ እውን ካብቲ ዉዱብ ጥራሕ ዝእከብ እንተይኮነ ካብቲ ብደገ ዘሎ ሊሂቅን ህዝቢን ትግራይ እውን ድጋፍ ዝእልሽ ኮይኑ እዩ መፂኡ፡፡ ኣብዚ እቲ ቀንዲ ምኽንያት ለውጢ ደጋዊ እምበር ውሽጣዊ(ካብቲ ውዱብ) ከምዘይኮነ፡ ዘርእዩ መርትዖታት ኣብ ፈላማይ ዶ.ር ደብረፅዮን ብማእከላይ ኮሚቴ ዝላዓለ ድምፂ ረኺቦም ፕሬዚደንት ግምት ክኾኑ፤ ካልኣይ ዙር እውን ዶ.ር ፍስሃ ሃፍተፅዮን ክምረፁ ዝተረፎ ኣይነበረን፡፡ ዶ.ር ፍስሃ እንተትምረፁ እውን ቅቡልነት ኣሜሪካ ወ ኣብይ ምስኣኖም ኣይምተረፎን፡፡ ነዚ ኩነታት ብምግንዛብ እምብኣር ነይሩ(መዘከር እኳ፡ ዶ.ረ ፍስሃ ናይ ቆልዓ ተግባር ስለዝፈፀሙ ተናዲዶም እዩ ዝበለ)፡ ሓደ ሓደ ሰባት ነቲ መድረኽ ዝቀየርዎ፡፡ ምኽንያቱ እንዳ ህወሓት ዝኣመንካዮ ሓይሊ ዘየለ ተናዲድካ እትቅይሮ የለን፡፡

## 2.3 ኹነታት ዓለምን ዓድናን

በቲ እዋን 1978 ዓ.ም ደርጊ ኮሚኒስታዊ ኮይኑ ብሶብዮት ዝሕገዝ ስልጣን ኣራት ኪሎ ዝጨበጠ ኣንፃር ኣሜሪካ ዝተሰለፈ ፀላኢ ነይሩ፡፡ ህወሓት ዋላ እውን ሶሻሊስት እየ ይበል ኣንፃር እቲ ዓብዩ ፀላኢ(ደርጊ) ስለዝነበረት ግና ብኣሜሪካ ውሽጢ ውሽጢ ትድገፍ ነይራ፡፡ ኣብ 1993 ዓ.ም እውን ህወሓት ብመለስ እናተመርሐት ሕብእሕብኢተይ እትብለሉ ኹነታት እዩ ነይሩ፡፡ እቲ ግዜ፡ ጥቃ ጥቃ We have never been Marxist ዝብሃለሉ ግዝያት እዩ ዝነበረ፡፡ ግዜ እውን ከዋሃቦም ነይሩዎ።

**<u>ኩናት ሻዕብያን ኢትዮጵያን</u>**

ዝተዛዘመሉ እዩ ነይሩ፡፡ ኣብ ኢትዮጵያ ካሊእ ተስፋ ዘይነበረሉ ነበረ፡፡ በዚ ኩነታት ኩሉ፡ ኣሜሪካ ተሪራ ኣንፃር ህወሓት ዝትስለፈሉ ኩነታት ኣይነበረትን፡፡ ሐዚ ግና ኹምኡ ኣይኮነን፡፡ እቶም ሽው ንህወሓት ዘድግፉ ባይታት የለውን፡፡

ኣብ ትግራይ እውን ድሕሪ ፅንተት ኢና ዘለና፡፡ ኣካዳምያ፣ ሚድያ፣ ውዳበታት ዳያስፖራ ካሊእ ዝጠልባሉ ባይታ እዩ ዘሎ፡፡ ንዕኡ ዝሸከም እውን ኣሊሽካን ሓጊዝካን ኣይስኣንን፡፡ ስለዙይ ኣብ ትግራይ ኮለ ከም ቀደም ይመስለክን ውሕጅ ይወስደክን እዩ ዝኾውን፡፡

ስለዚ፡ እቲ ናይ ሐዚ ምፍልላይ ካብቲ ኣብ ከባቢ 1978፣ 1993 ዓ.ም ዝነበረን ዝተፈለየ መበገሲን ከይዲ እቲ ውዱብን ኩነታት ዓለምን ትግራይ እዩ ዘለዎ፡፡

ብርግፅ ኣብዚ ዓድና እንዕዘቦ ነገር ኣሎ፡፡ ካብ ምግምግፅ ምብዝሑ ዝተልዓለ ምስልቻው ዝፈጠሮ ድምዳመ፡፡ ኩሎም ሓደ እዮም፡፡ ኩሎም ህወሓት እዮም ዝብል፡፡ ነዚ ሓሳብ ዘስጉሙ ኣሕዋት፡ ነቲይን ነዝይን ኣይንበል ጫማና ሰቂልና ስንና እናመወፅና ንርአ ክሳብ ምባል ይበፅሑ እዮም፡፡ ኣብ ውዳብ ንዘሎ ሰብ ከምኡ እንተበለ ልክዕ እዩ፡ ጌጋ ዘይክኾን ይኽእል፡፡ እቲ ካብኡ ወፃኢ ዘሎ ለውጢ ዝደሊ ሰብ ሱቅ ኢሉ ምርኣይ ብንኡስ ናይ ስልቲ ጌጋ እዩ ዝመስለኒ፡፡ ነዚ ክትዕይ ንምጥባቅ ምእንቲ ክጥዕመኒ ቅድሚ ሓደ ድዮም ይፈላለዩ ምርኣይና፡ ህወሓት እንታይ እዩ? ምርኣይ ዘግድስ ይመስለኒ፡፡

**<u>ህወሓት እንታይ እዩ?</u>**

ህወሓት ማለት ሓደ ዉዱብ ማለት ዝመስሎ ሰብ ተጋግዩ ኣሎ፡፡ ህወሓት ማለት መንግስቲ እዩ፡፡ ኢኮኖሚ እዩ፡፡ ሚድያ እዩ፡፡ ታሪኽ እዩ፡፡ ተረኽ እዩ፡፡ ህወሓት ማለት ብጭቡጥ ፖለቲካ፡ ትግራይ ማለት እዩ፡፡ እዚ ሓይሊ ኣይድዮሎጂ፣ ውዳብ፣ ኢኮኖሚ፣ ታሪኽን ተረኽን፣ ገድሊ ዝወነነ እዩ፡፡ እዚ ኖርማል ውዳብ ኣይኮነን፡፡ ሕድሕድ ውሳንኡ ንትግራይን ሰባን ይፀልው፡ ፡ ኣብ ዝሃለወ ይሃሉ፡፡ ብዝውስኖ ውሳነ ሂወተይ፣ ሂወት ስድራይ፣ ሂወት ትግራዋይ ይውስን፡፡ ስለዚ፡ የግድሰንን ፈረቃን ክብሃል ዘለዎ ይመስለኒ፡፡

# 3. ኩሎም ሓደ ድዮም ይፈላለዩ?

እዚ ነጥቢ ምርኣይ እቲ ምፍልላይ መዘዙ ዶ በረከቱ ይዛይድ? ህዝቢ ኸ ከመይ ይገንዘቦ? እንታይ ንመልስ ዝብሉ ነጥቢታት ንምፍታሽ ይረብሐና እዩ።

## 3.1.ርዕየተዓለም

ርዕዮት ህወሓት ዝዕወት ኣብ ኢትዮጵያ ኮይኑ ንሱ እውን Vanguard ኮንካ ካልኦት ሓይሊታት መገብቲ ገይርካ እዩ። ኣብ ኢትዮጵያ ነዚ ዝኾውን ባይታ የለን። ነቲ ርዕዮተዓለም ድማ ይሽከሞ ወይ ይጣበቀሉ እየ ዝብል ጉጅለ ኣለዎ። ሓደ ሰብ ወይ ብኣፃብዕቲ ዝቁፀሩ ሰባት።ኣይተ ብርሃነ ፅጋብ "የኢህኣዴግ ቁልቁለት ጉዞ" ብዝብል ዝፃሓፉዎ ይኹን Mezeker A.zemo ኣብዚ ቀረባታት ክፅሕፎ ዝቀነየ ፅሑፋት ቀንዲ ፍልፍል ስልጣን ትግራይ(HQ) ቤት ፅሕፈት ህወሓት ምኳኑን ንሱ ድማ ኣይተ ኣለም ዝባሓትዎ ምኳኑ እዮም ዘርዱኡና። ኣብ ህወሓት ነቲ ርዕዮት ይሽከሞ እየ፡ ይስወኣሉ እየ፡ ይጣበቀሉ እየ ዝብል ሓይሊ ድማ እዚ ቤትፅሕፈት ምኳኑ ግልፂ ነገር እዩ። ቤት ፅሕፈት ህወሓት ማለት ነዚ ርዕዮት ተኣማኒ ዝኾነ ሓይሊ እዩ። ጉጅለ ግምት ነዚ እንተዝእመኑ፡ ኣሜሪካ ይኹን ኣብይ ዘቅፅሉሉ ምኽንያት የለን። ስምምዕ ፕሪቶርያ ከም ጉዳይ ሞትን ህላወን ዝቅበል ሓይሊ Vanguardነት ከምዘይኣምን ዘርኢ እውን እዩ።

## 3.2 ውዳበ

እቲ ሓሳብ(ኣይድዮሎጂ) ብዘይ ውዳበ ዋጋ ኣልቦ እዩ። ህወሓት ማለት ውዳበ እዩ። እቲ ውዳበ Vanguard ነት ክሳብ ገዛኻ ዝስልሉ "ልምዓት" ጉጅለ ኣለዎ። ኣብ ትግራይ ብዘይ ምግናን ሓደጋ እንተኮይንካ ወይ እንተመሲልካ፡ ሓዳር ትገብር ዶ ኣይትገብርን ክውስነልካ ዝኽእል ውዳበ ነይሩ እዩ። ህወሓት ማለት ነዚ ውዳበ ዝተቆጻፀረ እዩ። ነዚኣ ዝተቆፃፀረን ዝሰርሕን ድማ ግልጺ እዩ። ነቲ ኣይድዮሎጂ ዝተሰከመን ተኣማኒኡ እየ ኢሉ ዝቆርሕ ሓይሊ ቤት ፅሕፈቶ፣ ንቲ ተረኽን ታሪኽን ህወሓት ዝእመንን ዝተሰከመን ሓይሊ ክኾውን ኣለዎ። ጉጅለ ጌታቸው ነዚኦም ክስከም ኣመፃፅኡ፡ ኩነታቱን ኣይፈቅደሉን።

## 3.3 ኢኮኖሚ

ኣብዚ ኢኮኖሚ ትግራይ ናይቲ ወዱብን ናቱ ተሓሽከርቲን ነይሩ እንተበልና ምግናን ኣይኮነን። ህወሓት ካብ ዓበይቲ ክሳብ ንኡሳን ትካላትን ውልቀሰባትን ይቆፃፀር ነይሩ። እዚ እቲ ኢኮኖሚ ናፃ ካብ ምግባርን ብስም ህዝቢ ጨና ፕራይቬታዜሽን ከይርአ ብምግባርን ዝመፀ ክውነት እዩ። ብናፅነት ዝህፍትም ሰብ የለን። ቢሮክራሲ እውን ናይቲ ዉዱብ ስለዝኾነ ፍሕት ኣየብሎን። ነዚኣ ተኣሚኒ ክሰዋእ እየ ዝብል ዘሎ ሓይሊ እቲ ቤትፅሕፈት ዘኒኦ ሓይሊ እዩ። ዝተብሓተ ስልጣኑ ኣብዚኣን ስለዝሸከላ። ጉጅለ ቢሮ ደጀን ዝመፀሉ መንገዲ ነዚ ኣይፈቅደሉን(ኣሜሪካ፣ ኣብይ፣ ትግራይ፣ ድስካለ እቲ ኣይድዮሎጂ ኣይፈቅድሉን) እብል።

## 3.4 ታሪኽ፣ ተረኽ

ህወሓት እቲ ቀንዲ መሳርሒ ፕሮፓጋንድኡ ታሪኽ ገድሊ ተደሪኹ ዘይኣነ ዓርሓ የለን ክብል ፀኒሑ። ምኽንያቱ ዋላ እውን ሰብ ጠፊኡና ወታደራዊ ዓወት ተረኺቡ ነይሩ እዩ። ካብኡ ሓሊፉ እውን ቃልሲ ትግራይ ዝተጀመረ በባይ እዩ ክሳብ ምባል በፂሑ። ሰብ ንፈጣሪኡ ስለዘይቋወም ድማ ፀጥ ኢልና ኣብ ሓደ ሎቆታ ፀኒሕና። ዋግኡ ድማ ተራእዩ እዩ። ምሕሳብ ጠጠው ኣቢሉ ብቅልፅም ፐራሕ ዝሓስብ ከምቲ ናይ ቀደም ከምዘይኮነ ተራእዩ ፈሺሉ እዩ። ፅንተት እዩ ኣስዒቡ።

በዚ እዋን ህወሓት እዚ ሃፍቲ እዙይ ኣይብሉን ኣብ ነቲ ሓሳብ ይስከምን ተኣማኒን እየ ዝብል ሓይሊ ተበቲኑ ከምዝነበረ፣ ፍርቁ ከምዝተማረኸ፣ ከይዱ ከይዱ ድማ ምስዚ እዚ ኩሉ ጃህራ ከምዝተሳዓረ ዝኣምን ብዙሕ ሰብ እዩ። እታ ዝቀረየቶ ተረኽ፡ ብስም ሰዋኣት ምንጋድ እያ። ነዚኣ እውን ሰብ ይነቅሐላ ኣሎ እዩ። ከም ናይ ቀደም ኣይኮነን። ነታ ታሪኽን ተረኽን ዝብለፅ ሓይሊ እቲ ቤት ፅሕፈት ዘኒኦ እዩ።

## 3.5 መንግስቲ

ሓደሽቲ ገዛእቲ ደርቢ ሕግን መንግስቲን ናይቲ ስርዓት ብርጅዋ መግለፂ ገይሮም እዮም ዝቁፅርዎ። ስለዝኾነ እቲ ሕግን መንግስቲን ናይቲ ዉዱብ ክኾውን ይገብርዎ። ህወሓት እውን መንግስቲ ዝብሃል ንሽሙ ይተክል እምበር መንግስቲ ዝብሃል ናይ ሓቂ ስልጣን ዘለዎ ኣካል የለን። ብፍላይ ድማ፡ እቲ ዉዱብ እናደስከለ ብዝኸደ ቁፅሪ ነዙይ እናታሓወሰ ይኸድ። መወዳእታ እቲ ፓርቲ ጠፊኡ እቲ ቢሮክራሲ(Class) እዩ ዝነብር። ናይ መዘከር ፅሑፍ Part 15(ስለ ኣይተ ኣለም)ሓዱሽ ነገር

ኣይኮነን፡፡ ናብ ሓዱሽ ገዛኢ ደርቢ ዝተቀየረ ውዱብ ባህሪኡ ከምኡ ምኳኑ ግልፂ እዩ፡፡ ናይ ኣይተ ኣለም ጉዳይ ጥራይ ኣይኮነን፡፡ ካሊእ እንተትመፅእ እውን ከምኡ እዩ፡፡ ዝህልው እቲ ቢሮክራሲ እዩ ፡፡ ኣይተ ጌታቸው ፓርቲን መንግስቲን ክፈሊ እየ እንትብል ነዚ ሓዱሽ ደርቢ ክፍርስ እየ ማለት እዩ፡፡ As simple as that. ብሓቂ ንሱ እንተከውን፡ እቲ ፓርቲ ድሕሪኡ ኣይህልውን እዩ፡፡ ባይዘወይ፡ ነቶም ሲቪክ፣ ሲቪልን ትካላትን ትካላት ሃይማኖትን እውን ይምልከት እዩ፡፡ ናፃ ትካል ዝብሃል ኣይህልውን፡፡

# 4. ውጥጥ ህወሓት፡ በረኸት ዶ መዘዙ?

እዚ ነጥቢ ክንርኢ ዕላማን ባህግን ተጋሩ በቲ ሓደ ገፅ በቲ ካሊእ ገፅ ድማ ዕላማ ህ.ወ.ሓ.ትን ምግላፅ የድሊ፡፡

## 4.1 ዕላማ ህወሓት

ዕላማ ህወሓት ብዙሕ ግዜ ተዘሪብሉ እዩ፡፡ ብሄራዊነት ተጋሩ ከም መቀፃፀሊ ቃልሲ ረብሓ ሽቃሎ ኢትዮጵያ ኣታሓባቢርካ ርእሰማላዊ መንነት(ብጭቡጥ ኣምሓራዊ መንነት ዝሃንፀ)እዩ፡፡ ሽቃሎ ኢትዮጵያ ክርብሑ፡ ንኹለና ዘሕቅቅ 'ርእሰማላዊ መንነት' ናይ ሕልሚ ፕሮጀክት ( ነዙይ ኣብዚ ሰሙናት እትምረቕ 'ሕቶ ትግራይ፡ ብመንፅር ክልሰ ሓሳባዊ መቓን' እትብል መፅሓፈይ ብሰፊሑ እትገልፆ ትኸውን ) ተጋሩ ብመንነቶም ኮርኪዕኻ ኽቢድ መስዋእቲ ተኸፍል እያ እታ ዕላማ፡፡ ነዚኣ ድማ፡ ኣብ 17 ዓመት፣ ኣብ ኩናት 1990፣ ኩናት 2013 ዓ.ም ተራእዩ እዩ፡፡

## 4.2 ባህጊ ተጋሩ

ተጋሩ መንነቶም ዓቂቦም ክነብሩ ይደልዩ፡፡ ተጋሩ ኮይኖም ዲሞክራሲ፣ ኢኮኖሚን ሰማይ ክሰቅሉ ይደልዩ፡፡ ነዚ ዕቀባ መንነት(ምስ ከይዱ)፣ ዲሞክራሲን ዕርገት ኢኮኖሚን ምልክት ገይርና እንቆፅረን ሃገራት ምዕራብ(West) ምኳነን ዘካትዕ ኣይመስለንን፡፡ በዚ ዘመን መለኪዕታት እዞም ነጥቢታት በተን ሃገራት ብርኪ ምኳኑ ምሓዝ የድልየና፡፡

ነዚኣ ንምስኻዕ ድማ ብሓደ ለይቲ ዝኾውን ኣይኮነን፡፡ ነዊሕ፣ ማእኸላይን ሓፂርን ትልሚ የድሊ እዩ፡፡ ሐዚ ኣብቲ ነዊሕ ትልሚ ገዲፍና ኣብ ማእከልን ሓፂርን ግዜ ኣተኩርና እንሰርሐሉ ኩነታትን ዓቅሚን ኣለና፡፡ ነዚይ ድማ፡ እቲ መዋቅር ኢትዮጵያ፣ ስርዓቱን ፖለቲክኡን ተቀቢሉ ብልዝብን ብምሕዝነት ዝሰርሕ ሓይሊ የድልየና፡፡

## 4.3 መን ይወፅእ ወይ ይሕሽ?

እቲ ክፍፍል ዘኽፍሎ ዋጋ ይብዛሕ ይውሓድ ኣብ መወዳእታ እቲ ብኣሜሪካ፣ ብስርዓት ኢትዮጵያን፣ ህዝቢ ትግራይ ዉሱን ምድንጋፅ ወይ ስሃሮ(Sympathy) ዘርኢዮ ዘሎ ሓይሊ ምኳኑ ዘይቀሪ እዩ፡፡ ጉጅለ ጌታቸው ናይ ምስዓር ዕድላት ዘለዎ ይመስል፡፡ ምኽንያቱ ኣብቲ ላዕሊ ከም ዝጠቕስናዮ ምኽንያት እቲ ውጥጥ ውሽጣዊ ጥራሕ ስለዘይኮነ እቶም ሓይሊታት ደገ እውን ግደ ኣለዎም፡፡ እቲ ዘይቀሪ ግና፡ እቶም ሓይሊታት ዝደልይዎ ለውጢ ምምፅኡ ዘይቀሪ ይኸውን፡፡ ህዝቢ እንተደገፎ ሓደጋ የቅሪ፥ ኩሎም ሓደ እዮም ኢሉ እንተዘይደገፎ እውን ነቲ ባህጊ ዝዓነፅ ሓይሊ ዝገደደ ጥፍኣት ሒዙ ምምፅኡ ዘይቀሪ ይኸውን እሞ ናብታ ሐዚ ዘላ ትምለስ፡፡

እዚ ለውጢ ምምፅኡ መዘዙ ዶ በረኸቱ ይዓቢ? ምርኣይ እምባኣር ሐዚ እያ፡፡

## 4.4.በረኸት ዶ መዘዝ?

ዕላማ ህወሓትን ባህጊ ተጋሩን ከብዲን ሑቆን ከምዝኾነ ሪኢናዮ ኣለና፡፡ ብሓፂሩ፡ ህወሓት ንመንነት ተጋሩ ርእሱ እናደረዘት፡ ናብ ከብዱ ካራ እተእትው ውዱብ እያ፡፡ ዲሞክራሲን ኢኮኖሚያዊ ብራኸ ወ ናፅነት እውን ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝራኣናዮ ሃፍቲ ዓዲ ናብ ዉሑዳት ሰባትን ጉጅለታትን ዝእከብ ምኳኑ እውን ዘይሕሰብ ይገብሮ፡፡

ስለዚ፡ ብሓፈሻ ህላወ ጥንኩር ህወሓት ሽታ ውርዙይ መንነት ተጋሩ፣ ዲሞክራሲን ኢኮኖሚን ዘጥፍእ ኮይኑ ንረኽቦ፡፡ ብሓፈሻ እንተሪኢና፥ ኣወንታዊ ጎኑ ይዓዝዝ፡፡

እንተኾነ ግና፡ እቲ ምዕባለ ንገዛእ ርእሱ፡ እንተሪኢናዮ በረኸትን መዘዝን ክህልዎ እዩ፡፡ ንሕድሕድ ንርአዮ

## 4.4.1 መዘዙ

**ሀ. ሰራዊት ይኸፍል?**

ኣብ ላዕሊ ህወሓት ትግራይ ማለት እዩ ኢልና ኢና፡፡ ብውዳብኡ፣ ብተረኹ፣ ብኢኮኖሚን ንትግራይ ዝተቆፃፀረ ሓይሊ እዩ፡፡ ስለዚ እዚ ሓይሊ እንትከፍል ንትግራይ ናብ ምክፍፋል ክኣትዋ ይኽእል እዩ፡፡ እቲ ታሪኽን ተረኽን፣ ውዳበ፣ እቲ ኢኮኖሚ ናብ ሰራዊት እውን ስለዝኣትው ናብቲ ሰራዊት ናይ ምስራፅ ኩነታት ክህልው ይኽእል እዩ፡፡

እንተኾነ ግና፡ እቲ ግዜ እንትርአ ግና ሰብና ኩናት ኣብ ዝፀልአሉን ድሕሪ ፅንተትን ስለዝኾነ እቲ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሰራዊት ዘይክቅበሎ ይኽእል፡፡

**ለ. ትግራይ ይኸፍል?**

እዞም ሓደሽቲ ገዛእቲ ደርቢ፡ ዝኾነ ይኹን ቅርፂ ምሕደራ ይኹን ማሕበረሰባዊ ውዳበን ፀጋታት ማሕበረሰብን(Forms of administrations and values of society) ከም መሳርሒ ስልጣንን ተኣማንነት ከጥቀሙ ይኽእሉ እዮም፡፡ ኣብዚ ቅድሚት ዝመፅእ፡ ኣውራጃዊነት ወይ ከባቢነት ይኸውን፡፡ ናይዞም ውዳበ፣ ኢኮኖሚ፣ ተረኽ ዝወነኑ ኣካላት ናይ መወዳእታ ድፋዕ ዓሌት ወይ ዝናኣሰ ቅርፂ ክኾን ይኽእል፡፡ ደም ዘፋስስ ቅርፂ እዩ ድማ ንሱ፡፡ እዙይ ድማ ምስቲ ኣብ ትግራይ ዘሎ መዋቅራዊ ኣሰር-ከባቢነት( https://www.facebook.com/100003511094026/posts/pfbid02GiGum2MjWZW33yvKup5C6GdaM8CgbQSdUDpt9PxR93AEUXJ5P9SdfMN2Ah9XiEXnl/?app=fbl) ተታሓሒዙ ሓደጋ ከምፅእ ይኽእል እዩ፡፡ እዚ ሓደገኛ ዝገብሮ ድማ፥ እቲ ሰራዊት ኣብ ዘለሉ ብምኳኑ እዩ፡፡ ነዚ ጥንቃቀ ይሓትት፡፡

ብርግፅ ካብቲ ናብቲ ኣኬባ ዝመፅኡ ሰባት ናይ ረብሓ እምበር ናይ ከባቢ ቅርፂ ዘጥፍአ ኮይኑ ከምዝተረኸበ ሓበሬታት ኣሎ፡፡

**ሐ. ህወሓት ምሕዳስ?**

ብጌታቸው ዝምራሕ ጉጅለ ንታ ዝደስከለት ዉዱብ ብስም ለውጢን ክፍፍልን ዘሕድስ እዩ ዝብል ሰብና ኣዝዩ ብዙሕ ይመስለኒ፡፡ ብፍላይ እቲ ሊሂቅ ኣብዚ ነጥቢ ሪዒሙ ይካታዕ፡፡ በዚ እውን ካሊእ ሓዱሽ ዲክታተር ከይነዋልድ ዝፈርሕ ዝያዳ እዩ፡፡ እዚ ነጥቢ፡ ምስቶም ቅድሚ ሐዚ ዝነበሩ ክፍፍላት፣ ታሪኻት ሓደ ገይርካ ካብ ምቁፃር ዝብገስ ይመስለኒ፡፡

**መ. ምትካል ምስሌነነት?**

ጉጅለ ፐረ.ጌታቸው ነቲ መንግስቲ ኣራት ኪሎ ዝቅበል ሓይሊ ምኳኑ ግልፂ እዩ፡፡ መንግስቲ ኣራት ኪሎ እውን ነዚ ምእዙዝነት ኣዝዩ ዝብህጎ ምኳኑ ኣይቀርይን፡፡ ግ.ም.ት ኮለ ብዝተክኣለ መጠን ተኣማንነቱ ከርኢ ዝፅዕር ምኳኑ እውን ዝሳሓት ኣይመስለንን፡፡ ነዙይ ፐረ.ጌታቸው ቀንዲ ፀገም ምምላስ ግዝኣታት ትግራይ ኣብ መንጎ መንግስቲ ፌድራልን ንሕናን ምትእምማን ስለዘየሎ እዩ ክብሉ ተደሚፆም እዮም፡፡ ስለዚ፡ ነዚ ክፈትሑ ብንንባሕባሕ ዝመፅእ መሲልዎም ደረት ኣልቦ ዝኾነ ምእዙዝነት ከርእዩ ይኽእሉ እዮም፡፡

እዛ ነጥቢ እታ ንዓይ ኣዝያ እተስግአኒ ነጥቢ እያ እትመስለኒ፡፡ ብፍላይ ድማ፤ ኣብቲ ፖለቲካዊ ደገፍ እንተይኮንኩ ካብ መንግስቲ ኣራት ኪሎ ዝርአ ትግራይ ወታደር ናይ ምግባር ምልክታት ኣዝዩ መስገኣይ ምኳኑ ኣይቀርይን፡፡ ነዚኣ ዱብ ከመይ ነቅምጥላ ምምይያጥ ተድልያ እያ፡፡ ብርግፅ፡ ኣብዙይ ክልተ ነገራት ክታሓዙ ኣለዎም፡፡ እቲ ሓደ ህወሓት እውን ፃሕታሪ ኩናት ምኳኑን ኩናት ዘቅሪ ማለተይ ኣይኮነን፡፡ ኮይኑ ግን፡ ምስ እዚ ኣይነዋድድርን፡፡ እነደልዮ፡ ዝኾነ ኩናት ኣይንሸከምን ከቀሪ እዩ፡ ፡ ነዚኣ፡ እቲ ኣልድጋርድ እሱር ወረዳን ጣብያን ገይርካ ወይ ንሱ ሓደጋ ዘምፅእ እንትኮይኑ እቲ መንፈስ ከምዘሎ ገይርካ ብምትራኽ ከም ሓደ መምለጢ ወታደራዊ ወፍሪ እንተገበርናዮ ዝብል ሓሳብ ኣለኒ፡፡ ዘይሩ ምሕሳብን ምጭናቅን የድልዮ እዩ።

## 4.4.2 በረኸቱ

ናይ ሐዚ ግምምዕ ህወሓት በረኸት ኣለዎ ዶ የብሉን ንምፍታሽ እቲ ኣብ ላዕሊ ዘቀመጥናዮ ምኽንያት ውጥጥ፣ ዝፍልየሉ ምኽንያት፣ መንነትን ዕላማ ህወሓትን፣ ባህጊን ህልው ኩነታትን ተጋሩ ምርኣይ የድሊ፡፡

**ሀ. ምትካል ሓቋፋይ ስርዓት?**

እቲ ነቲ ኣይድዮሎጂ ተኣማኒ እየ ዝብል ህወሓት ኣብ ትግራይ ዘለዉ ትካላት ከም ገበርቲ ኣካላት ይቆፅሮም፡፡ ኮላይ ንፖለቲካዊ ዉዱባት ሓዊሱ፡፡ ኣብዚ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ሽታ ሓቋፋይ መንግስቲ ዘይሕሰብ ይገብሮ፡፡

ነቲ መንነት ህወሓት ዘይሸከም ወዲ ወሰን(ብኣንፃር ኣይድዮሎጂ) ሓይሊ ዋላ እውን ነቲ ብሕተት እንተደለዮ ከኾነሉ ኣይክእልን፡፡ እቲ ምኽንያት ባህጊ እቲ ጉጅለ ኣይኮነን፡፡ ኣይድዮሎጂ፣ ውዲበ፣ ኢኮኖሚ፣ ተረኽን ታሪኽን፣ መንግስቲ ክውንን ስለዘይኻኣሎ እዩ፡፡ ምኽንያቱ እቶም ቀንዲ መምፃእቱን ማሕበራዊ ሰረቱን(ኣሜሪካ፣ ኣብይ፣ ቃልሲ ህዝቢ) ብቲ ድስካላዊ ምዕባለ እቲ ደርቢ እናፈረሰ ስለዝመፅእ ነቲ ብሕተት ከቅፅል ይፅገም እዩ፡፡ እቶም ደጋውያን ይኹን ውሻጣዊ ባይትኡ ብሕተታዊ ክኾውን ኣይኽእሎን፡፡ ብምኻኑ፡ እንተይፈተወ ናብቲ ባህጊ ቃልሲ ህዝቢ ወ መወልቱ እናቀረበ ምምፅኡ ዘይቀሪ ይኸውን፡፡

**ለ. ሽመታ ቃልሲ ህዝቢ?**

እዚ ሓይሊ፥ ናይ ባዕሉ ኣይድዮሎጂያዊ ሰረትን እምነትን ስለዘይብሉ ካሊእ ናብቲ ኣካሉ የካትት፡፡ እዙይ ሓቋፋይ መንግስቲ እንተዘይመስሪቱ ድማ፡ ናብ ሽመታ ናይቲ ብደገ ዘሎ Cause ምምፅኡ ዘይቀሪ ይኸውን፡፡ ኣብዚ ፖፑሉዝም ከመፅእ ይኽእል፡፡ እዚኣ እውን ግን ናብ ረብሓኻ ምምዝማዝ ትኽእል ኢያ፡፡

**ሐ. ናፃ ኢኮኖሚ ወ ናፃነት ሓሳብ?**

እቲ ኮር ሓዱሽ ገዛኢ ደርቢ ኢኮኖሚን ሓሳብን ይብሕት፡፡ እዙይ ዝብሕቶ ድማ፡ ሚድያ፣ ካሪክለም፣ ኢኮኖሚን ብምጥማር እዩ፡፡ እዙይ ንገዛእ ርእሱ እቲ ምክንያት ምግምማዕ ካብ ውውጢ ዝነቀለ ስለዘይኮነ ክሕልዎ እንተዝደሊ እውን ንሱ ክፅንሖ ኣዝዩ ዝፅገም እዩ ዝኾውን፡፡ ማሕበራዊ መሰረቱ ካብ ውሽጢ ዘይኮነ ምግምማዕ፡ ንደገ ምምዕዳው ዘይቀሪ ስለዝኾነ እቶም ናይ ደገ(ቃልሲ ህዝቢ) ናብ መድረኽ ቦኽ ምባሎም ዘይቀሪ ኸይዱ ዝኸውን ይመስል፡፡

**መ. ዕንባበ ናፃ ውዳበታት?**

እቲ ብሕተት ውዳበ ዝወነነ ሓይሊ እንትገልስ እቲ ዝመፅእ ሓይሊ ነቲ ውዳበ ከምዘለዎ ክቅፅሎ ደጋዊ መወልቱ ይኹን ቃልሲ ህዝቢ ኢሉ እውን ምዕባለ እቲ እናደስከለ ዝመፀ ዉዱብ ስለዘይፈቅደሉ ኣብ ባይታ ናፃ ውዳበታት ፖለቲካ፣ ሲቪልን ሲቪክን ማሕበራት ናይ ምዕንባብ ዕድላት በባዕሎም ይመፁ፡፡ እቲ ብሕተታዊ ዉዳበ እንትውገድ ወይ እንትፋኾስ ድማ፡ ንቃልሲ እውን እቲ ዝቀለለ ይኸውን፡፡

ኣብዚ ነቲ ነዊሕ፣ ማእከላይን ሓፂርን ትልሚ ተሊሙ ዝሰርሕ ጉዳዩ ኣብ ትግራይ ዝገብር ማለት እውን ስልጣን ኣራት ኪሎ እናማዕደወ ምስ ኦሮሞ ዘይጓነፅን ቀንዲ ሕልሚ ቀትሪ ዝኾኖ ብናሬሽን ሕብረት ሰሜን ዘይቅበል ብሄራዊ ሓይሊ ክቦቁል ወይ ክጥጥዕ ዝሓሽ ዕድል ዝፈጥር ይመስለኒ፡፡

# 5. ግብረ መልሲ ሰብና፡ እንታይ ይኹን?

ብሓጺሩ፡ ባህጉን ኣብ ላዕሊ ዝተቀመጠ ኩነታትን ብምግንዛብ እቲ ምግምማዕ ናብ ረብሕኡ ንምቅያርን ንምምዝማዝን ክሰርሕ ኣለዎ፡፡ ኣብዙይ ብሽም ዝነበረ ንሕንሕ ስልጣን እዩ ኢልካ ዕድላት ምብኻንን ዘለካ ዕድል ምብካን ኣየድልን እብል፡፡ ኩሎም ሓደ፡ ዝብል ብተዘዋዋሪ ነቲ ኣብቲ ዉዱብ ማሓውራት ዘርጊሑ ዘሎ ኣካል Defacto ሓገዝ ወይ ስሃሮ ምኻኑ ምግንዛብ የድሊ፡፡ እቲ ማሕበራዊ መሰረት ካብ ዉዱብ ወፃኢ ካብ ደገ(ህዝቢ) ክእልሽ ዝፍትን ዘሎ ሓይሊ እውን ተስፋ ቆሪፁ ሰረቱ ናብቲ ዉዱብ ክምለስን ናብ ናቱ ክልውጥን ናቱ ክገብር ዝደፋፍእ ወይ እውን ሙሉእ ብሙሉእ ኣብቶም ሓይሊታት ደገ ክርዕም ወይ እውን እቲ ሓደ ጉጅለ ሲዒሩ፡ ካሊእ ጥፍኣትን ናብ ኸቢድ ቃልሲ እንኣትወሉ ዕድል ዝኸፍት ኮይኑ፡ ተመሊስካ ናብታ ሐዚ እትፍጠር ዘላ ዕድል(ውጥጥ) ኢና ንምለስ፡፡

# 6. መኸንበቲ

ውጥጥ ህወሓት ዋላ እውን ኣልቦ መዘዝ እዩ እንተዘይበልና፥ እቲ ዕድል ብኣግባቡ እንተተጠቂምናሉ ግና እቲ ዘለዎ ኣወንታዊ በረኸት ዝዛይድ ይመስለኒ፡፡ እዚ ኹነታት፡ እቲ ብደገ ዘሎ ሰብ እናተመነዮ ዝነበረ ኣሰር ለውጢታት (ብዝተወሰነ ብርኪ) ብናይ ደገ ሓይሊታት ዕጀባ መፂኡ እዩ፡፡ ኣብዙይ ንሕና እንቅይሮ ነገር ዘየለ ምኻኑ ምርዳእ የድሊ፡፡ ድሌት ኣሜሪካ ወ ስርዓት ኢትዮጵያ ኣይኾውንን ወይ ኣይረብሐናን ንናይ ባዕላቶም ረብሓ እዩ ኢልና ስለዝነፀግና እነምፅእ ለውጢ የለን፡፡ ዕድላት ጥራሕ ኢና እነባኽን፡፡ ስለዚ፡ ነዚ ፈሊጥና ንዝሓሸን ዝቀለለን ቃልሲ ብዝጥዕም መንገዲ ክነማእዝኖ እቲ ውጥጥ ሒዝልና ዝመፀ ዕድላት ኣብ ምምዝማዝ እንተንነጥፍን እንተንፍትንን እብል፡፡

ሠላም!